# ምምስራት ግንባር ናቕፋ

## ማእከል ስሕበት ሓርነታዊ ቃልሲ

### (9ይ ክፋል)



ሰሎሙን በርሀ

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር፡ ነቲ ብደገፍ ሕብረት ሶቭየት ኣብ ወተሃደራዊ ሚዛን ሓይሊ ዝመጸ ዓቢ ለውጢ ብወድዓውነት ገምጊሙ፡ ነቲ ደርግ ዝሃነጾ ክሳብ ዓንቀሩ ዘመናዊ ኣጽዋር ዝዓጠቐ ገዚፍ ሰራዊት፡ ኣብ ዝተናውሐ ኲናት ጸሚዱ ንምድኻሙን ንምስዓሩን፡ ኣብ መፋርቕ 1978 ውሳነ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ ከምዝወሰደ፡ በቲ ውሳነ'ቲ መሰረት ከኣ ህዝባዊ ሰራዊት ካብ ዝሰፍሐ ሓራ ቦታታት ኤርትራ ቀስ ብቐስ እናስሓበ ሳሕል ብምብጻሕ ናይ መወዳእታ መከላኸሊ መስመሩ ከምዝሓዘ ርኢና። ኣብቲ ናይ መወዳእታን ሓጺናዊን ዕርዲታት ሳሕል ዝተፈነ ራብዓይን ሓሙሻይን ወራራትን ምፍሻሉ እውን ተመልኪትና። ብድሕሪ'ዚ ህዝባዊ ሰራዊት ንጸላኢ ኣጸቢቑ ንምድኻምን ኣጽዋሩ ንምምንዛዕን፡ ኣብ ታሕሳስ 1979ን ጥሪ 1980ን ኣብ ግንባር ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ተበግሶ ጸረ-መጥቃዕቲ ወሲዱ ዓቢ ዓወት ከምእተጓነጸፈ ኣንቢብና። መቐጸልታኡ ይስዕብ፦ ምቅርራብ ንሻድሻይ ወራር ድሕሪ ፍሽለት ሓሙሽተ ተኸታታሊ ወራራት፡ ከምኡ'ውን ስዒቡ ዝመጸ ጸረመጥቃዕቲ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ደርግ ከም ብሓድሽ ብገዚፍ ወተሃደራዊ ዓቕሚ ንሰውራ ኤርትራ ብሓይሊ ክጭፍልቕ ዘኽእሎ ዓቕሚ ንምድላብ፡ ግዜ ወሲዱ፡ ኣብ ሰፊሕን ዝሓየለን ምድላዋት'ዩ ተጸሚዱ። እቲ ካብ ስነ 1978

ክሳብ ሓምለ 1979 ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ደርግ ዘካየዶ መጥቃዕቲታት፡ ብልምዲ ወይ ብኣጸዋውዓ ተጋደልቲ ቀዳማይ፡ ካልኣይ፡ ሳልሳይ፡ ራብዓይ፡ ሓሙሻይ ወራር እናተባህለ'ዩ ዝጽዋዕ። የግዳስ፡ እዚ ተኸታታሊ መጥቃዕቲታት'ዚ፡ ናይ ሓደ ገዚፍ ወተሃደራዊ ወፍሪ ገጻት ወይ ማዕበላት'ዩ ዝነበረ። ሻድሻይ ወራር ክበሃል ከሎ እምበኣር መቐጸልታ ናይቶም ክሳብ 5ይ ወራር ዝተፈጸሙ ማዕበላት መጥቃዕቲ ኣይኮነን። ሻድሻይ ወራር ልክዕ ከምቲ ካብ 1ይ ክሳብ 5ይ ወራር ዝተኻየደ ሰፊሕ ወፍሪ፡ ናይ ገዛእ ርእሱ ዝተፈላለየ መድረኻት ግጥም ዝነበሮ፡ ገዚፍ ምድላዋት ዝተገብረሉ ሓድሽ ወተሃደራዊ ወፍሪ እዩ ነይሩ። ስርዓት ደርግ ንሻድሻይ ወራር ክዳሎ ክልተ ዓመት ስለዝወሰደሉ፡ ኣብዚ ዝተጠቕሰ እዋን ግንባር ናቕፋ ኣብ ተዛማዲ ዕረፍቲ ነበረ። በዚ ድማ ህዝባዊ ግንባር፡ ነቲ ደርግ ዝዳለወሉ ዝነበረ ወራር ንምምካት ዘኽእል ንቕሓትን ጽንዓትን ንምኹስኻስ ኣብ ህዝብን ተጋደልቲን ቀጻሊ ፖለቲካዊ ስራሕ የካይድ ነበረ። እቶም ሓሙሽተ ወራራት መኪቶም ዘፍ ዘበሉ ተጋደልቲ፡ ናይ ውግእ ብቕዓቶም ዝያዳ ክብ ዘብልሉ ወተሃደራዊ ስልጠናታት ከምኡ'ውን ስፖርታዊን ባህላዊን ንጥፈታት የካየዱ ነበሩ። ስርዓት ደርግ ንህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ከምኡ'ውን ንህዝቢ ዓለም ንምትላል፡ እቲ ዝዳለወሉ ዝነበረ ገዚፍ ወተሃደራዊ ወራር፡ ፖለቲካውን ልምዓታውን ወፍሪ ንምምሳል "ኩለንተናዊ ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ" (ቀይ ኮከብ ሁለገብ ዘመቻ) ዝብል ስያመ እዩ ሂቡዎ። ቀንዲ ዕላማ ናይቲ ወራር ግን፡ ነቲ እናሓየለ ዝኸይድ ዝነበረ ሰውራ ኤርትራ፡ ብገዚፍ ወተሃደራዊ ዓቕሚ ሓንሳብን ንሓዋሩን ደምሲስካ ምግልጋል እዩ ዝነበረ። በዚ ዕላማ'ዚ ድማ፡ ደርግ ብኹሉ መዳይ ብኣጽዋር፡ ተተኳስቲን ሎጂስቲክስን ሰፊሕ ምቅርራብ ገበረ። 'መዋግኢ ቦታታት በረኽቲ ጎቦታታትን ሰናጭሮን ስለዝኾኑ፡ ናይ ታንክ ጸብለልትነትና ብግቡእ ክንጥቀመሉ ኣይከኣልናን' ተባሂሉ ስለዝተገምገመ፡ ስርዓት ደርግ ብዘይ ሓገዝ ታንክታት ኣብ ጎቦታት ክዋግኡ ዝኽእሉ፡ ሃሩርን ኣጻምእን ዝጻወሩ ወተሃደራት ብምስልጣን፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝነበረ ሰራዊት "ተራራ" ዝተሰምዩ ፍሉያት ክፍላተ-ሰራዊት ኣቘመ። ክፍለ-ጦር 18ን 19ን ኣቐዲሞም ማለት ኣብ 1980 ዝቘሙ ክኾኑ እንከለዉ፡ ኣብ 1981 ከኣ ተወሲኽቲ ክልተ ክፍለ-ጦራት 21ን 22ን ቈሙ። እዞም ክፍላተ-ሰራዊት ኣብ ኣጻምእ ሳሕል ከድምዑ ተባሂሉ ኣብቲ ብርቱዕ ሃሩር ዘለዎ መሬት ኦጋዴን፡ ኣብ 1981 ፍሉይ ታዕሊም ከምዝወስዱ ተገብረ። እዚ ንሻድሻይ ወራር ተባሂሉ ብፍሉይነት ዝሰልጠነ ሰራዊት ኣብ ታሪኽ ሰራዊት ኢትዮጵያ እቲ ዝበርትዐ ታዕሊም ዝወሰደ ምዃኑ'ዩ ዝንገረሉ። ብድሕሪ ናይ ኦጋዴን ታዕሊም ከኣ፡ ግብራዊ ልምምድ ከካይድ ተወሰነ። በዚ መሰረት ኣብ

ሰፊሕ ከባቢታት ትግራይ ዳህሳስ ብምክያድ፡ ኣብ ልዕሊ ሓይልታት ወያነ መጥቃዕቲ እናፈጸመ ግብራዊ ናይ ውግእ ልምምድ ኣካየደ። ነዚ ዕማም'ዚ ፈጺሙ ናብ ኤርትራ ምስ ሰገረ ከኣ፡ ቅድሚ'ቲ ዓቢ ወፍሪ፡ ኣብ ድሕሪ መስመር እናተንቀሳቐሱ፡ ነቲ ስርዓት ቅሳነት ዝኸልእዎ ተጋደልቲ ንምጽራይ "ኣልፋፐሮጀክት" ብዝተሰምየ ስርሒት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኤርትራ ወፍርታት ኣካየደ። ኣብ ምቅርራብ ንሻድሻይ ወራር፡ ጸላኢ ኣብቲ ዝቐደመ ወራራት ዘይተጠቐመሉ ብዝሒ ዘለዎ ናይ 130 ሚ.ሜ. መዳፍዕ ከውሰኽ እንከሎ፡ ዓቕሚ ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ብቐረባን ብኣድማዕነትን ምእንቲ ክሰርሕ ዝበዝሕ ዓቕሙ ካብ ደብረዘይት ናብ ኣስመራ ከምዝግዕዝ ተገብረ። ሽዑ ዘመናውያን ዝነበራ ሓደስቲ MI-24 ሄሊኮፕተራት ውግእ'ውን ተቐረባ። ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሓሙሻይ ወራርን ድሕረኡ ዝሰዓበ ውግኣትን ዝተጓደለ ዓቕሚ ኣጽዋርን ተተኲስትን፡ መጓዓዝያን ዕጥቅን ስንቅን ብተዓጻጻፊ ተተክአ። ኣብ ርእሲ'ዚ ደርግ፡ ኣብ ተጋደልቲን ህዝብን ራዕዲ ንምፍጣር፡ መርዛም ጋዝ ክጥቀም ምዃኑ ብምስጢር ሓበሬታታት ኣናፈሰ። መራሒ ስርዓት ደርግ መንግስቱ ሃይለማርያም ባዕሉ ዝመርሖ 'ወተሃደራዊ ዘመቻ እቅድ መምሪያ' (እዚ ውጥን ወተሃደራዊ ወፍሪ) ዝተሰምየ ላዕለዋይ እዚ ከኣ፡ ኣብ ኣስመራ ቈመ። ክሳብ ሽዑ ብግብረ ሃይልታት ዝነበረ ኣቃውማ ሰራዊት ደርግ ተሪፉ ብእዝታት ከምዝውደብ ተገብረ። በዚ መሰረት ሰለስተ እዝታት ቈሙ። 'ውቃው እዝ' ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ 'ናደው እዝ' ኣብ ግንባር ናቕፋ 'መብረቅ እዝ' ኣብ ግንባር ባርካ። (መብረቅ እዝ ኣብ ሻድሻይ ወራር ድሕሪ ምድምሳሱ ብመንጥር እዝ ዝተተክአ እዩ።) ቀቅድሚ 'ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ' መንግስቱ ሃይለማርያም፡ ንሰራዊቱ ንምትብባዕ ኣብ ሰለስቲኡ ግንባራት ማለት ኣብ ኣልጌና፡ ኣፍዓበትን ከርከበትን ተረኺቡ ኣኼባታት ኣካየደ። መንግስቱ ሃይለማርያም ኣብቲ ሽዑ ንሰራዊቱ ዘስምዖ ዝነበረ ስምዒት ዝቕስቅስ መደረታት፡ እቲ ወራር መፍትሒ ኩሉ ሽግራት ኢትዮጵያ ገይሩ'ዩ ዝገልጾ ዝነበረ። ኣብ ኣልጌን ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ተሰሊፉ ንዝነበረ ሰራዊት ዝተዛረቦ ቃላት፡ ኣብ ናይ ለካቲት 1982 ሕታም መጽሔት "ለካቲት" ሰፊሩ ይርከብ፦ "ንሻዕብያ ኣብ ጎቦታት ሳሕል ጥራይ ከምዝርከብ ጉጅለ ወንበዴ ገይርና ክንጥምቶ የብልናን። ሻዕብያ ሓደን ብዙሕን እዩ። ንኹሎም ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዝንቀሳቐሱ ዘለው ወንበዴታት ዝመስረተ፡ ገና እውን ካልኦት ክምስርት ዝፍትን፡ ነዞም ጉጅለታት'ዚኣቶም ዘሰልጥን፡ ዕጥቅን ስንቅን ዘስንቕን መሪሕ ኮይኑ ዘወሃህድን ዝኣሊን እዚ ጉጅለ'ዚ እዩ። . . .ሻዕብያ ምስ ተደምሰሰ፡ ብድሕሪኡ ኩሎም ምንቅስቓሳት ሱሮም ተበቲኹ'ዩ እሞ ንኢትዮጵያ ዘስግኣ ሓይሊ ኣይክህሉን እዩ. . ." ስርዓት ደርግ ብዘይካ'ዚ፡ 'ኣስመራ ማኒፌስቶ'

ዝተሰምየ ካብ መላእ ኢትዮጵያ ዝመጹ ወከልቲ ህዝቢን ካድረታቱን ዝተሳተፍዎ ጉባኤ ኣብ ኣስመራ ብምቅናዕ፡ እቲ ወራር ናይ ህዝቢ ኢትዮጵያ ውሳነን ካብ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ልዑል ደገፍ ዘለዎ ምዃኑን ዘምስል ውሳነታት ከምዝሓልፍ ገበረ። ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍና ከምእተገልጸ፡ ኣብ ግንባር ናቕፋ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ መወዳእታ 1979 ብዝወሰዶ መጥቃዕቲ ክሳብ ከባቢ ዓሸርም በጺሑ ነበረ። ኣብ ድሮ ሻድሻይ ወራር ግን፡ መከላኸሊ መስመር ንምጽባብ ተባሂሉ ንድሕሪት ብምስሓብ ኣብ ሕዳይ ዕርድታት ከምዝተሓዝ ተገብረ። በዚ ድማ ካብ ገማግም ናሮ መሸታይ ብዝባን ሓርጠጠት ኣቢሉ ክሳብ ኣምባን ዓላጋን ኣብ ዝዝርጋሕ ኣኸራናት ነቲ ወራር ንምምካት፡ ብኸቢድ ጻዕሪ ሓድሽን ጽኑዕን ድፋዓት ተሃንጸ። ማዕረ ማዕረ'ቲ ሰራዊት ደርግ ንውግእ ዝገብሮ ዝነበረ ሰብኣውን ንዋታውን ምቅርራባት፡ ተጋዳላይ እውን ነቲ ወራር ንምምካት ዓቕሙ ዘፍቅዶ ምድላዋት ገበረ። ብፍላይ እቲ ስነ-ቀመማዊ ኲናት ሓድሽ ተርእዮ ስለዝነበረ፡ ማስኬራታት ሰሪሑ ንነብሱ ከመይ ገይሩ ከምዝከላኸል እናተማህረ፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ምቅርራባት ኣብ ርእሲ ምግባሩ፡ ብመርፍእ ዝውጋእ መድሃኒታትን ኣጠቓቕማኡን ብዝምልከት ልምምዳት ገበረ። ኣብ ኣቃውማ ሰራዊት፡ ኣብ ርእሲ'ተን ዝነበራ ትሽዓተ ብርጌዳት፡ ብርጌድ 80 ዝተባህለት ሓዳስ ብርጌድ ከምኡ'ውን ካብ ዅለን ኣሃዱታት ዝተዋጽኣ ፍሉያት ቦጠሎኒታት 73፡ 74፡ 75 ከምዝቘማ ተገብረ። ኣብ ክፍልታት ዝነበረ ክኸትት ዝኽእል ዓቕሚ'ውን ናብ ተዋጋኢ ሰራዊት ከምዝኸትት ተገብረ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ጠቕላላ ዓቕሚ ህዝባዊ ሰራዊት 15 ሽሕ ኣቢሉ ይበጽሕ ነበረ። ኣብ 1981 ምስ ተ.ሓ.ኤ. ድሕሪ ዝተኻየደ ኲናት ሓድሕድ፡ ተሓኤ ካብ ሜዳ ኤርትራ ስለዝወጸት፡ እተን ካብ ግንባራት ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ናቕፋን ወጺኣን፡ ምስ ተሓኤ ኣብ ዝተኻየደ ግጥማት ዝሳተፋ ዝነበራ ኣሃዱታት፡ ኣብ ድሮ ሻድሻይ ወራር ኣብ ባርካ እየን ነይረን። ግንባር ባርካ ዝተመስረተ፡ ደድሕሪ ኲናት ሓድሕድ፡ ደርግ ነቲ ኩነታት መዝሚዙ ነቲ ዝሰፍሐ ወራር መበገሲ ዝኸውን ቦታታት ንምቁጽጻር ኣብ ዘካየዶ ወፍሪ እዩ። ሻድሻይ ወራር ክጅመር እንከሎ እምበኣር፡ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት፡ ኣብ ግንባር ናቕፋ፡ ብርጌዳት 77፡ 51፡ ከምኡ'ውን ክልተ ቦጠሎኒታት ናይ ብርጌድ 58፡ ሓደ ቦጠሎኒ ኣጋር ከቢድ ብረት ናይ ብርጌድ 76፥ ኣብ ባርካ ብርጌድ 70፡ ሓደ ቦጠሎኒ ናይ ብርጌድ 58፡ ክልተ ቦጠሎኒ ናይ ብርጌድ 23 ሓደ ቦጠሎኒ ኣጋር ከቢድ ብረት ብርጌድ 76፥ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ ብርጌዳት 44፡ 31፡ 4፡ ሓደ ቦጠሎኒ ናይ ብርጌድ 23 ከምኡ'ውን ሓደ ቦጠሎኒ ከቢድ ብረት ብርጌድ 76 ዓሪደን ነበራ። እተን ስለስተ ፍሉያት ቦጠሎኒታት 73፡74፡75 ከኣ ምዕባለታት ናይ ውግእ እናተራእየ፡ ተጠባበቕቲ ከምዝኾና

ተገብረ። ኣሃዱታት ቦጦሎኒ 4ን 5ን ናይ ብርጌድ 76 ድማ፡ ሒደት መዳፍዕ፡ ታንክታትን ጸረ-ነፈርቲ ረሻሻትን ሒዘን ኣብ ሰለስቲኡ ግንባራት ተሰሊፈን ነበራ። ኣብ መወዳእታ 1981፡ ገለ ኣሃዱታት ወያነ ኣብ ሳሕል ኣብ ጎድኒ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ክስለፉ፡ ኣብ መንጎ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባርን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን ስምምዕ ተበጺሑ ነበረ። ኣብቲ እዋን'ቲ ስዕረት ሰውራ ኤርትራ ማለት ስዕረት ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ እውን ብምንባሩ፡ ነዚ ገዚፍ ወራር'ዚ ናይ ምስዓር ሕቶ ንክልቲኡ ውድባት ኣዝዩ ወሳኒ ነበረ። በቲ ዝተበጽሐ ስምምዕ መሰረት ከኣ፡ ቅድሚኡ ብዙሕ ናይ ውግእ ተመኵሮ ዘይነበሮ፡ ብሓደስቲ ተጋደልቲ ዝተዓብለለ ሰራዊት ወያነ፡ ካብቲ ብዙሕ ወራራት መኪቱ ልዑል ናይ ውግእ ብቕዓት ዘጥረየ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር ናይ ውግእ ተሞኩሮ ክቐስም ተባሂሉ፡ ሓሓደ ብርጌድ ኣብ ሰለስተኡ ግንባራት ፋሕ ብምባል፡ ኣብ መንጎ ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባር ከምዝዓርድ ተገብረ። ሓፈሻዊ ውጥን መጥቃዕቲ ሻድሻይ ወራር፡ "ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ" በተን ክልተ ቀወምቲ ግንባራት - ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ጥራይ ዘይኮነ፡ በቲ ሓድሽ ግንባር ባርካ ከምኡ'ውን ሳልሳይ ግንባር ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣብ መንጎ ናቕፋን ሰሜናዊ ሳሕልን ክሳብ ክንዮ ዶምቦቤትናብ መሬት ሱዳን ዝኣቱ ናይ ውግእ ክንፍታት ዝነበሮ ኮይኑ፡ ብገፊሕ ቀለቤት ከበባ ንምሉኡ ዓቕሚ ህዝባዊ ግንባር ብምኽርዳን ንምድምሳሱ ዘኽእል ውጥን'ዩ ተሓንጺጹሉ። እተን ነዚ ወራር'ዚ ዘተግብራ ሰለስተ እዝታት ሰራዊት ደርግ፡ ነናተን ተልእኾ ፈጺመን ኣብቲ ማእከል ደጀን ህዝባዊ ግንባር ዝነበረ ኣዱብሓ ክራኸባ ቀዳማይ ገጽ ናይቲ ውጥን ነበረ። በዚ መሰረት፡ እቲ ኣብ ግንባር ናቕፋ ተሰሊፉ ዝነበረ ወራሪ ሰራዊት፡ ነታ ትእምርቲ ጽንዓት ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነት ንስርዓት ደርግ ሕማም ርእሲ ዝኾነቶ ናቕፋ ተቘጻጺሩ ንኣዱብሓ ክቕጽል ተልእኾ ተዋህቦ። ነዚ ንምፍጻም፡ እቲ ካብ ክፍላተ-ሰራዊት ደርግ ምሩጽ ተባሂሉ ዝንገረሉ ኣንበሳ ሳልሳይ ክፍለጦር ብወገን ኣግራዕ ተጠውዩ ንናቕፋ ካብ ደጀን ብምንጻል ብድሕሪት ተጠውዩ ክቆጻጸራ፡ ክፍለ-ጦር 17 ብወገን ትክሰ ኣርወ (ሳልፈር) (እታ ብብራኸ ነጥቢ 1702 እትፍለጥ፡ ኣብ ከም 'ኦሮማይ' ዝኣመሰላ ፍሉጣት መጻሕፍቲ ብፍሉይ እትጥቀስ ህብብቲ ታባ)፡ ጥሒሱ ብቐጥታ ናቕፋ ክኣቱ፡ ክፍለ-ጦር 22 ድማ ብጽርግያ ናቕፋ ናይ ምኹብኳብ መጥቃዕቲ ክፍጽም፡ ክፍለ-ጦር 18 ከኣ መጥቃዕቲ ምስ ተጀመረ ኣብ ወሳኒ ኩነታት ክድረብ መደብ ተዋሂቡዎም ንመጥቃዕቲ ተዳለዉ።